


ናይ ወለዲ መሰላት

# ናይ ቃልን ጽሑፍን ምትርጓም ኣገልግሎታት

ኩሎም ወለዲ በቲ ንሶም ዝርድእዎ ቋንቋ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ዉሉዶም ትምህርቲ ናይምርካብ መሰል አለዎም። ንዉሉድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ከተመዝግቡዎ ከለኹም፣ እቲ ቤት ትምህርቲ ምሳኹም ኣብ ዝራዳድኣሉ እዋን በየናይ ቋንቋ ክጥቀም ከም እትደልዩዎ ክሓተኩም እዩ። እዚ ኸኣ፣ እቲ ቤት ትምህርቲ ንዘለኩም ናይ ቋንቋ ጠለብ ንኸለሊ እሞ፣ ብዘይ ዝኾነ ክፍሊት ነዓኹም ናይ ቃልን ጽሑፍን አተርጓሚ ንኸዳልወልኩም ይሕግዞ።

## ካብ ቤት ትምህርትኹምን ናይ ቤት ትምህርትኹም ዲስትሪክት እንታይ ክትጽበዩ ከም ዘለኩም

**ንስኹም ኣብ ናይ ትምህርቲ ዉሉድኩም ኣዝዩ ኣገዳሲ ክፋል ኢኹም!**

እቲ ቤት ትምህርቲ ምሳኹም ሓበሬታ ክቀያየር ይግብኦ—ብቋንቋኹም—ብዛዕባ ናይ ዉሉድኩም ትምህርቲ። እዚ ኸኣ ኣብ መብዝሕትኡ እዋናት ዝተተርጎሙ ሰነዳትን ኣብ ኣኼባታትን ዝርርባትን ከኣ ናይ ቋንቋ ኣተርጓሚ ዘጠቓልል ይኸውን።

ወላ እኳ ንስኹም ገለ እንግሊዝ ትዛረቡ እንተኾይንኩም፣ ከምኡ'ውን ወላ ዉሉድኩም'ውን እንግሊዝ ክዛረብ ወይ ክጽሕፍ ዝኽእል እንተኾይኑ፣ ነዞም ኣገልግሎታት ናይ ምርካብ መሰል አለኩም።

እቲ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ ዝህልዉ ኣገደስቲ ሓበሬታታትን ንዉሉድኩም ዝቐርቡ ዕድላት ኣመልኪቱ ምሳኹም **ብቋንቋኹም** ሓበሬታ ክቀያየር ይግብኦ። እዚ ኸኣ ሓበሬታ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ዘጠቓለለ ክኸውን እዩ፤

- ምዝገባን ትምህርቲ ምጅማርን
- ነጥቢታት፣ ኣካዳሚካዊ ደረጃታትን፣ ምረቓን
- ናይ ቤት ትምህርቲ መምርሕታትን ናይ ተምሃራይ ዲሲፒሊን
- ተሳትፎ፣ ምትራፋትን፣ ምውጻእን
- ንንጥፈታት ወይ ፕሮግራማት ናይ ወለዲ ፈቓድ
- ጥዕና፣ ድሕንነትን፣ ሃንደበታዊ ኩነታትን
- ናይ ቤት ትምህርቲ ምዕጻዋት
- ፕሮግራማት ወይ ኣገልግሎታት ናይ ምጥቃም ዕድላት—ኣዝዩ ልዑል ክእለት ንዘለዎም፣ ካብቲ ምዱብ ደረጃ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምምዳብን፣ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ተምሃራይ ፕሮግራማት ወሲኸካ
- ስንክልና ንዘለዎም ተመሃሮ ፉሉይ ትምህርትን ኣገልግሎታትን

**ምስ መምሃራንን ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታትን ኣኼባታትን ቃለ ምልልሳትን**

ምስ መምሃራን ወይ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት ክትዘራረቡ ከለኹም፣ ኣተርጓሚ እንተ ድልዩኩም እቲ ቤት ትምህርቲ ክቕርበልኩም ይግብኦ። እዚ ኸኣ ናይ ወላዲ–መምህር ኮንፈረንሳት፣ ብዛዕባ ፉሉይ ትምህርቲ ኣኼባታት፣ ወይ ብዛዕባ ናይ ዉሉድካ ትምህርቲ ዝኾኑ ካልእ ቃለ ምልልሳት ዘጠቓልል ይኸውን።

እቲ ቤት ትምህርቲ ንናይ ቋንቋ እንግሊዝን ቋንቋኹም ብጽቡቕ ዝዛረቡ ኣተርጎምቲ ጥራሕ እዩ ክጥቀም ዝግባኦ። እቲ ቤት ትምህርቲ፣ ኣተርጎምቲ ነቲ ኣብቲ እዋን ኣኼባ ክጠቕሙ ንዝኽእሉ ዝኾኑ ቃላት ወይ ሓሳባት ከም እተረድኡዎ ከረጋግጽ ይግብኦ። እቲ ቤት ትምህርቲ ንተምሃሮ ወይ ቀለውዕ ከም ኣተርጎምቲ ኣይክጥቀመሎምን ይግብኦ።

እቲ ኣተርጓሚ ጾግዒ ዝሓዘ ክኸውን የብሉን፣ ኣብቲ እዋን ዝርርብ ንዝተባህለ ኩሉ ከመሓላልፍ ኣለዎ። ዝኾነ ሰብ ካብዝበሎ ከጉድሉ ወይ ኣብ ልዕሊኡ ክውስኹ የብሎምን። እቲ ቤት ትምህርቲ ኣተርጎምቲ ነቲ ዝጻወቱዎ ተራ ንኽርድኡን ነቲ ሓበሬታ ብምስጢር ክሕዝዎ ከምዘለዎም ከረጋግጽ ይግብኦ። እቲ ኣተርጓሚ ብኣካል ክርከብ ወይ ብስልኪ ክቀርብ ከምዝኽእልን፣ ናይቲ ዲስትሪክት ሰራሕተኛ ወይ ከኣ ብኮንትራት ዝሰርሕ ናይ ደገ ሰራሕተኛ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝግበር ወይ ብዛዕባ ናይቲ ዉሉድ ትምህርቲ ብዝምልከት ኣብ ዝግበሩ ዝኾኑ ኣኼባታት ወይ ምይይጣት ኣተርጓሚ ክህብ ይግብኦ። ኣተርጓሚ ዘድልየኩም እንተኾይኑ ነቲ ቤት ትምህርቲ ክትሓቱዎ ትኽእሉ ኢኹም።

**ብጽሑፍ ዝተዳለወ ሓበሬታ**

እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ብጽሑፍ ዝተዳለወ ኣገዳሲ ሓበሬታ ናብቲ በቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዲስትሪክት ብብዝሒ ዝዝረቡ ቋንቋታት ከተርጉሞ ይግብኦ። ብናትኩም ቋንቋ ዘይኮነ ሓበሬታ እንተ በጺሑኩም፣ ናብቲ ናትኩም ቋንቋ ብጽሑፍ ክትርጎመልኩም ወይ ብቓል ንኽግለጸልኩም ትደልዩ ምዃንኩም ነቲ ቤት ትምህርቲ ኣፍልጡዎ።

## ንዘለዉ ስግኣታትን ጥርዓናትን መፍትሒ ምርካብ

**እዞም እዮም መሰላትኩም!**

ኣብ ትሕቲ ናይ ስቴትን ፌደራል ሲቪላዊ መሰላት ሕግታት፣ ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ብቋንቋኹም ናይ ምርካብ መሰል ኣለኩም። ብዛዕባ እቲ ቤት ትምህርቲ ዘለዎ ናይ ቃል ወይ ጽሑፍ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎት ስግኣታት እንተለኩም—ወይ ነቲ እትደልዩዎ ናይ ቃል ወይ ጽሑፍ ምትርጓም ኣገልግሎት ዘይተዋህበኩም እንተኾይንኩም—ሓያለይ ምርጫታት ኣለኩም።

1. **ምስቲ ዳይሬክተር ወይ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ምዝ ዝምችኣኩም ሰራሕተኛ ተዘራረቡ።** ምስ ናይቲ ቤት ትምህርትኻ ዳይሬክተር ምምይያጥ ነቲ ዘሎካ ጸገማት መፍትሒ ንክትረኽበሉ፣ ኣብ መብዝሕትኡ እዋን እቲ ዝሓሸ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ። እንታይ ከም ዝተፈጸመ ግለጹ እሞ፣ እቲ ዳይሬክተር ነቲ ጸገም ብኸመይ ጌይሩ ክፈትሖ ከምዝኽእል ይሓብሩዎ።

2. **ምስ ናይቲ ቤት ትምህርትኹም ዲስትሪክት ተዘራረቡ።** ንዘለዉኹም ስግኣታት ምስቲ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዲስትሪክት ተራኺብኩም ኣካፍሉዎም። ነቲ ናይ ሲቪላዊ መሰላት ኣቀናባሪ ወይ ኣብቲ ዲስትሪክት ቤት ጽሕፈት ዝርከብ ኣመሓዳሪ ክትድዉሉሉ ትኽእሉ ኢኹም።

3. **ንስግኣታትኩም መፍትሒ ኣብ ምርካብ ሓገዝ ሕተቱ።** ብዛዕባ መሰላትኩም ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ወይ ነዞም ዘለዉኹም ስግኣታት መፍትሒ ኣብ ምርካብ ሓገዝ ንምሕታት ነዘን ኤጀንሲታት ከተዛርቡወን ትኽእሉ ኢኹም።

   Equity and Civil Rights Office
   Office of Superintendent of Public Instruction
   360-725-6162 | www.k12.wa.us/equity

   Office of the Education Ombuds
   206-729-3251 | oeo.wa.gov

4. **ጥርዓን ብጽሑፍ ከተእትዉ ትኽእሉ ኢኹም።** ጥርዓን ብጽሑፍ ንምእታው፣ እንታይ ከም እተፈጸመ ብጽሑፍ ግለጹ—ብዝኾነ ቋንቋ—ናብቲ ዲስትሪክት ብቡስጣ፣ ኢሜይል፣ ወይ ብኢድ ኣብጽሑዎ። ንመዝገብኩም ዝኸውን ከኣ ቅዳሕ ሓዙ።

   ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ካሌንዳር መዓልቲ፣ እቲ ዲስትሪክት ነቲ ጥርዓንኩም መርሚሩ መልሲ ብጽሑፍ ክህበኩም እዩ። ብዛዕባ ናይ ጥርዓን ኣቀራርባ ኣማራጽታት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርኔት መርበብ ክትረኽቡ ትኽእሉ፤ www.k12.wa.us/Equity/Complaints.aspx።

ነዚ ጥርዓብ ንጽሑፍ ብምእታኹም ምኽንያት፣ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣንጻርኩም ወይ ኣንጻር ዉሉድኩም ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ከምዘይወስድ ፍለጡ።